TI



# FIVE!

## አገባብ ጸወታ

ስለዝኣረግና ጸወታ ደው ኣይነብልን፣ ጸወታ ደው ኣንተድኣ ኣቢልና ግና ንኣርግ
ቤንያሚን ፍራንክሊን

# ሓደ ህያብ

እዚ ጸወታ እዚ ከም ህያብ ክቐርብ ስለዝኽእል
፣ ብዝክኣል መጠን ካብ ዓቢይን ንእሽቶን ሓገዛት ዝተለገሰ ኮይኑ፣ ካብ 300 ንላዕሊ ዝኾኑ ወፈይቲ ሰባት ተሓጊዙ እዩ ተመስሪቱ። እዚ ሓሙሽተ ዝብሃል ጸወታ'ዚ ክፍጠር ከሎ ከኣ፣ ብግላዊን፣ ነጻ ድልየትን ተወፋይነትን ካልኦት ሰባት ዝተኻፈልዎ እዩ። ብትዕግስቶምን ብተወፋይነቶምን ዝተረኽበ ሓገዛት ድማ፣ እቲ ሓሳብ ዝነበረ ኣብ ግብሪ ክትርጎም ከኣለ።

ንኹላቶም ድማ ዓሚቝ ምስጋናይ ኣቕረበሎም!
Krastel im Januar 2016 Steffen Mühlhäuser
ክራስታል ጥሪ 2016 ዓ.ም.ፈ. ሽተፋን ሙልሄውሰር

GIVE ME FIVE!

Copyright 2016 by Steffen-Spiele
መሰል ሓታማይ ሕሉው'ዩ 2016 ብሽተፈን-ጸወታ

ኣካየዲ-ስራሕ፣ ሽተፋን ሙልሄውሰር ምስ በርንሃርድ ኩመልማን (Bernhard Kümmelmann)
ውሕልነታዊ ኣቀራርባ፣: ክሪስቶፍ ጢሽ (Christof Tisch)
ትርጕም፣ Suzanne Kirkbright Ahmad Ebrahim, Soudabeh Sabri
መጻወቲ-ኣቕሓ፣ ጻዕዳ / ውዱእ: ሉዶፋክት (Ludofact)
መሃዚ-ሓሳባት ጸወታ: Mühlhäuser 5 ይዕወት ቶሮክስ ጸወታ-ቆቡዕ
ጸወታ ግጥም፣ ሳይሜት፣ (ፖከር ብቑጽሪ) ረቂቕ ምልቃም ብ Horn, Mühlhäuser

# ሓሙሽተ

ንመንእሰያትን ንዓበይትን፣ ሓሙስተ ዝተፋላለዩ ዓይነት ጸወታታት

መጻወቲ-ኣቑሓ




## ትሕዝቶ

**ሓሙሽተ ዝስዕ**

ስትራተጂካዊ ጸወታ፣ ን2-ሰባት ካብ 6 ዓመታት ዝዕድሜኦም . . . . . ገጽ 4

**ቶሪስ**

ስትራተጂካዊ ጸወታ ን 2 ሰባት ካብ 12 ዓመታት ዝዕድሜኦም . . . . . ገጽ 6

**ተጻዋታይ ጸወታ-ቆቡዕ**

መዘከሪ-ጸወታ ን2 ክሳብ 4 ሰብ ካብ 6 ዓመታት ዝዕድሜኦም. . . . . . . ገጽ 10

**ፖከር-ብቑጽሪ**

ጸወታ-ታህዲድ፣ ን2 ክሳብ 4 ሰብ ካብ 9 ዓመታት ዝዕድሜኦም. . . . . . ገጽ 12

**እረኖ**

ጸወታ ትዕግስቲ፣ ን2 ክሳብ 4 ሰብ ካብ 8 ዓመታት ዝዕድሜኦም . . . . . ገጽ 15

# ሓሙሽተ ይስዕር

ስትራተጂካዊ ጸወታ ን2 ሰባት ካብ 6 ዓመት ንላዕሊ ዝዕድሜኦም



## ዕላማ ጸወታ

ዓላማዚ ጸወታዚ ብቐዳምነት ሓደ ዝሕብሮም 5 ኣእማን ብቐጥታ ሰሪዕካ ኣዳሊኻ፣ ነቲ ኣንጻርካ ሽዑንሽዑ ክትዓግቶ ምስትኽእል፣ ስዒርካ ማለትዩ።

## ምቅርራብ ምድላው ጸወታ

ነፍሲወከፍ ተወዳዳራይ ሓደ ዝሕብሮም 16 ኣእማን ይዕደሎ። እቶም ኣእማን ድማ ምልክቶም ከይተራእየ ተገልቢጦም ክቕመጡ ኣለዎም “ሓሙሽተ ይስዕር“““እምብኣር ምስቶም ምልክት ዘይብሎም ገጻት ይጽወት። እቲ ጀመራይ ተዋዳዳርይ ከኣ ነቲ ጸወታ የከፋፍል።

## ኣገባብ ጸወታ

እቲ ጀማራይ ጸወታ ሓንቲ እምኒ ኣብቲ ማእከል ሜዳ ጸወታ ከቐምጥ ኣለዎ። እቲ መወዳድርቱ ድማ ሓንቲ እምኒ ኣብታ ቀዳመይቲ ዝተቐመጠት እምኑ የቐምጥ። ካብኡ ቀጺሎም ነፍሲወከፍ ተጻወቲ ኣብቲ ኣቐዲሙ ዝተቐመጠ እምኒ የቐምጡ። ሓደ ሓዲሽ እምኒ ክቕመጥ ዘለዎ ብውሑዱ ንሓደ ጫፍ ተቐሚጡ ዘሎ እምኒ ክትንክፍ ኣለዎ። ኩርናዕ ንኩርናዕ ምቕማጥ ግና ኣይፍቀድን እዩ።

## መወዳእታ ጸወታ

እቲ ቀዳማይ ተጻዋታይ፣ በቲ መስርዕ ተሰሪዑ ዘሎ ካብ 5 ኣእማን፣ ናቱ ሕብሪ ምስዘዋህል ጸወታ ይስዕር። እቲ ጸወታ ድማ ጋድም ወይ ትኹል ሕንጻጽ ወይከኣ ዲያጎናል ክስራዕ ኣለዎ።
እንተድኣ እቶም ተዋዳደርቲ ኩሉ ኣእማኖም ሰሪዮሞ፣ ሓደ ካብኦም ግና 5 ኣእማን ክሰርዕ እንተዘይክኢሉ፣ እቲ ጸወታ እንደገና ተደጊሙ ክቕጽል ኣለዎ።

እቲ ጻዕዳ እምኒ ኣብ ውድድር ኣሎ። ብጋድም ሕንጻጽን ወይከኣ ብድያጎናልን ኣገባብ ጕዕዞ ብ5 ይጻወት።



## ድግማ ጸወታ

እቲ ጸወታ ኣይቅየርን እዩ። እቲ ኣብ መስርዕ ዘሎ ተጻዋታይ፣ ሓደ ካብቶም ኣእማኑ ካብቲ ሜዳ ኣልዒሉ፣ ኣብ ካልእ ቦታ ክሰርዖ ኣለዎ። ሰብ ክድርኾም ዝኽ ኣእማን ጥራይ እዮም ክልግሱ ዘለዎም። እዚ ማለት ከኣ ግድነት ሓደ ነጻ ዝኾነ ቦታ ጥራይ ክሕዙ ወይ ክውንኑ ኣለዎም።

ምግጫው ኣእማን ፤ እንተድኣ መጻወቲ ኣእማን ብሓደ ካብ ሜዳ ዝተላለዕለ እምኒ መኽንያት ካብ መዳ ጸውታ ተፈልዮም፣ ከምተግጭዉ ኣእማን ተሓሲቦም፣ ኣብ ጸወታ ክስርዑ ወይ ክኣትዉ ፈጺሞም የብሎምን። እንተድኣ ኣእማን ነቲ ሜዳ ጸወታ ብኩርናዕ ወገን ተንኪፎሞ፣ ከምዝተፈዩ እዩ ዝሕሰብ ወይ ዝቑጸር።

እቲ ጻዕዳ እምኒ ንሓደ እምኒ ኣልገሶ፣ ንክልተ ጸለምቲ ኣእማን ከኣ ይቐልዖም።

እቲ ጸሊም እምኒ ከኣ ንሓደ እምኒ ኣልጊሱ፣ ብትኹል ሕንጻጽ ብ5 መስርዕ ይስዕር።



# ቶሪስ

ስትራተጂካዊ ጸወታ ብ2 ሰባት
ካብ 12 ዓመታት ዝዕድሜኣኦም



## ጊዜ ጸወታ

እቶም ጸለምትን ጸዓዱን መጻወቲ ኣእማን ብዝተፋላለየ ንውሓት ዘለዎ ኣገባብ ኣብ ርእሲ-ርእሲ ይስርዑ። እቲ ኣብ ልዕሊ ኩሎም ኣእማን ዘሎ ሕብሪ እቲ እምኒ ከኣ፣ እቲ መስርዕ ጸወታ ኣየናይ ተጻወታይ ነቲ ጸወታ ከምዝጅምር ይሕብር። እቲ ዓላማ እዚ ጸወታ እዚ እምብኣር፣ ብዝተኻእለ መጠን፣ ብዙሓት መውጽኢታት ብምስዓር ኮይኑ፣ እንተተኻኢሉ ድማ ዝያዳ እንተድኣ መውጺኢታት ኣኪብካ ዝበለጸ እዩ።

ኣገባብ ኣቀራርባ ጸወታ



## ንጸወታ ምድላው፣

እቶም 32 ኣእማን ተገልቢጦም ይቕመጡ፣ ማለት እቶም ምልክታት ብታሕቲ ክኾኑ ኣለዎም (ክርኣዩ የብሎምን)፣ ጽቡቕ ክተሓዋወሱ ድማ ኣለዎም። ኣብ መወዳእታ ድማ፣ ነፍሲ-ወከፍ እምኒ ካብቲ ሓደ እምኒ ቁሩብ ርሕቀት ዘለዎ ኮይኑ፣ ኣብቲ ጣውላ መጻወቲ ብ4 መስርዕ ማለት ነብሲ-ወከፍ መስርዕ 8 ቦታትት ዘለዎ ኮይኖም ይስርዑ። እቲ መጻወቲ ቦታ ድማ ፊት ንፊት ኣብ መንጎ ነብሰኢ-ወከፍ ተጻዋታይ ይዳሎ። ካብኡ መታን እቶም ምልክታት ክርኣዩ፣ ኩሎም ኣእማን ይግልበጡ። እቲ መጀመርያ ዝጻወት ተዋዳዳራይ ከኣ ኣብ ምርጫ ይኣቱ።

ርሕቀት-ጐዕዞ 

# ኣገባብ ጸወታ

ሓደ ተጻዋታይ ነቶም ጽዓዱ ኣእማን የንቀሳቕሶም፣ እቲ ካልኣይ መወዳድርቱ ከኣ ነቶም ጸለምቲ ኣእማን የንቀሳቕሶም። እቲ ኣብቲ መስርዕ ዘሎ ተወዳዳራይ፣ በቲ እምኑ ገሩ ነቲ ሕብሪ ብጋድም ሕንጻጽ ወይ ከኣ ብትኹል ሕንጻጽ እንዳተጓዕዘ ኣብቲ ቀጻሊ እምኒ ይበጽሕ። እቲ ምልክት ናይቲ ዘተላዕለ እምኒ ድማ፣ ክንደይ ስጉምቲ ከምዝኸደ ይሕብር። ነብሰ-ወከፍ ምልክት ከኣ፣ 1፣ 2፣ 3 ወይ 4 ስጕምቲ ክገብር ይኽእል ወይ ይግደድ።




ሰለስት ጕዞ ጸወታ




እቲ ክፉት ቦታ ከኣ ክንጠር ወይ ክስገር ኣለዎ

# ንቕድሚት ምጕዓዝ

ኣብቲ መወዳእታ ጕዕዞ ጸወታ፣ ካብቲ መጀመርያ ዝነበረ ጕዕዞ፣ ሓደ ኣምኒ ብውሑድ፣ ሓደ ደረጃ ክልዕል ኣለዎ። ሓደ ኣምኒ ብደረጃ ክ ዕል ዘይክእ ኣንተድኣ ኮይኑ ግና፣ ክንቀሳቐስ የብሉን። ካብቲ መጻወቲ ምስርዕ ሓደ ከኣ እቲ ዝልዓለ እምኒ ጥራይ ክንቀሳቐስ ኣለዎ። ኣብቲ ግዜ ጕዕዞ ጸወታ፣ ናትካ ይኹን ነቲ መጻወቲ-እምኒ ኣንጻርካ፣ ኣየናይ እምኒ ብታሕቲ ከምዘሎ መታን ክትርኢ፣ ከተልዕሎ ትኽእል ኢኻ፣

# ምቅርራብ

ኩሎም እቶም ኣእማንን መስርዕ ጸወታን፣ ድሕሪቲ ዝልዓል ዘሎ ወይ ብድሕሪቲ ጐዞ ጸወታ ማለት ክሳብቲ ክፋት ቦታ ዝዕጾ ክቀራረቡ ኣለዎም።



# ዝተዓጾ

ሓደ ተጻዋታይ ክጻወት የብሉን፣ ክጽበ ይግደድ። እቲ ተዋዳዳራይ ግና ቀጺሉ ይጻወት፣ ኣብ ዝኾነ መስርዕ ሒዙ ከላ፣ ነቲ ዝተዓጽወ ተጻዋታይ እንደገን ክርእዮ ይኽእል፣ መኽንያቱ ከኣ ሓደ ካብቶም ኣእማኑ ነጻ ክኸውን ይኽእል፣ ወይድማ ኣብቲ ክምዕብለሉ ዝኽእል ከምብሓድሽ ተቓያዩሩ ክጻወት ይኽእል ማለዩ።
ሓደ ተዋዳዳራይ ጸወታ ሓደ ሕብሪ ናይሓደ ኣምኒ እንተድኣ ዘንቀሳቕስ ሃልዩ፣ ዋላውን ንዕኡ ዝሃሲ እንተኾነ፣ ምግዳ ጕዕዞ ጸወታ ክቕጽሎ ይግደድ እዩ።

# ተጻዋትን ዋጋኡን

እንተድኣ ዋላ ሓደ ካብቶም ክልተ ተዋዳደርቲ፣ ዝያዳ ኣእማን እንተድኣ ዘየቀሳቒሱ፣ እቲ ጸወታ ይውድእ ዋጋ ከኣ ኣይህልዎን።
ነፍሲ-ወከፍ ጕዞ ጸወታ፣ እቲ ዋና ልዑል ነጥብታት ይውንን፣ ሓደ ጕዕዞ-ጸወታ ካብ ክልተ ኣእማን ክልተ ነጥብታት ክዋህልል ከሎ፣ 3 ጕዕዞ ጸወታ ድማ 3 ነጥብታት የዋህልል። 4 ጕዕዞ ጸወታ ድማ 4 ነጥብታት ይእክብ። 1 ጕዕዞ ጸወታ ድማ 1 ነጥቢ ጥራይ የዋህል።
እቲ ዝያዳ ንዙህ ነጥብታት ዘዋህለለ ተዋዳዳራይ፣ ወይከኣ ክልቲኦም ተዋዳደርቲ ማዕረ-ማዕረ ነጥብታት እንተድኣ ኣዋህሊሎም፣ እቲ ሓደ ዝልዓለ ኣብ ጕዕዞ ነፍሲ-ወከፍ ጸወታ ዝተጻወተ ተወዳዳሪ ከኣ ይስዕር።።።

ንመረዳእታ፣ ኣብቲ መወዳእታ



ኘጥብታ ንጸሊም ነትብታትን ንጻዕዳ



# ጸወታ-ንእሽቶ-ቆቡዕ



ካብ 2 ክሳብ 4 ሰባትን፣ ካብ 5 ዓመት ዝዕድሜኦም ንላዕልን ዝጻወትዎ መዘከሪ ጸወታ።

## ዓላማ ጸወታ

እቲ ዓላማ እዚ ዓይነት ጸወታ'ዚ፣ ብጽቡቕ ምስትውዓል ካብ'ቲ መወዳድርትኻ ተጻዋታይ፣ ብዝከኣል መጠን ብዙሓት ኣእማን ስዒርካ ምእካብ ኮይኑ፣ ብኣጻብዕትኻ ወዲእካ ኣእማን ከተጥፍእ ከምዘይብልካ ምግባር እዩ።

## ምድላው ጸወታ

ነፍሲ-ወከፍ ተጻዋታይ (ተዋዳዳራይ) 8 ሓደ ዓይነት ዝሕብሮም መጻወቲ ኣእማን (2 ግዜ ነጥብታት፣ 2 ግዜ መስመር፣ ክልተ ሰለስተ ኩርናዕ ከምኡ'ውን 2 ግዜ ኩርናዓት)፣ ምስተዓደለ እቲ ጸወታ ይጅመር።

## ኣገባብ ጸወታ

እቲ ጸወታ ብመስርዕ ይጅመር። እቲ ጀማሪ ጸወታ ከኣ፣ (ደራኺይ) ተባሂሉ ይጽዋዕ) ምልክት ነጥቢ ዘለዎ እምኒ፣ ማለት  ሕንጻጽን 3ን 4-ኩርናዕን፣ ኣብ ሓደ ቀጥታዊ መስርዕ ኣብ ቅድሜኡ የቐምጥ።



እቲ መስርዕ ምልክታት ንምምራጽ ነጻ እዩ። እቲ ኣብ መንጎ'ቶም ኣእማን ዘሎ ፍልልይ ከኣ፣ እቲ ክፉት ቦታ ሓደ እምኒ ከቐምጥ ዝኽእል ቦታ ክኸውን ኣሎዎ።

እቶም መወዳደርቲ ጸወታ ከኣ፣ (ኣብ ዝቐጽል "ደለይቲ" ተባሂሎም ይጽውዑ።) ነቲ ቦታ መስርዕ እቶም ምልክታት ድማ፣ ንገለ 10 ክሳብ 20 ሰከንድ ዝኣክል ጽቡቕ ክጽንዕ ኣለዎ። እቲ ደራኺይ ተጻዋታይ ከኣ ንኣርባዕተ ኣእማን፣ ኣብ'ቲ መጻወቲ ጣውላ ይድርቢ። ካብኡ ቀጺሉ 3 ጊዜ ንሓደ እምኒ ክድርኾ ኣለዎ። ካብኡ እዞም ዝስዕቡ ኣገባባት ኣብ ግብሪ ክውዕሉ ይግባእ።




1 ብሓደ ኢድ ጥራይ ክድፋእ (ክድረኽ) ኣለዎ። እቲ 2ይ ኢድ ግና ኣብ ትሕቲ ጣውላ ክጸንሕ ኣለዎ።

2 ሓደ ኣምኒ ኣብ መንጎ ክልተ ኣእማን ወይከኣ ብወገን የማን ወይ ጸጋም ክድረኽ ኣለዎ።

3 እቲ ኣገባብ ምድራኽ እምኒ፣ ክቕልጥፍ የብሉን፣ ንኹሎም ተዓዘብቲ ጸወታ ድማ ብብሩህ ክርአ ኣለዎ።

እቲ ኣገባብ ምድራኽ ምስ ተወድአ፣ እቲ ደራኺ ንብወገን ጸጋሙ ዘሎ ጎረቤቱ፣ ሓደ ካብቶም 4 ምልክታት መስርዑ ኣበይ ከምዘሎ ክሓቶ ኣለዎ። እቲ ዝተሓተ መወዳድርቱ ድማ፣ ነቲ እምኒ ይግልብጦ። እቲ ዝደልዮ ዘሎ ምልክት እንተድኣ ኮይኑ፣ ነቲ እምኒ ንርእሱ ወሲዱ ኣብ ጥቕሉ ከቕምጦ ኣለዎ። ካልእ ምልክት እንተድኣ ኮይኑ ግና፣ እቲ እምኒ ነቲ ደራኺ ክኸውን ኣለዎ። ካብኡ እቲ ደራኺ፣ ነቲ ቀጺሉ ዘሎ ደላዩ መወዳድርቱ፣ (ብኣገባብ ሓባሪ ሰዓት ገሩ) ብዛዕባቲ ዘይተሸፈነ ምልክት ክሓቶ ኣለዎ። እቲ ቀጺሉ ሳልሳይ ኣምኒ ክግልብጥ ዘለዎ ደላያይ ከኣ ብድርብ ንኽስዕር ዕድል ኣለዎ።
ጽቡቕ ኣንተድኣ ገሚቱ ድማ፣ ነቲ መወዳእታ እምኒ ይረኽቦ፣ እንተድኣ ዘይተዓዊቱ ግና፣ እቲ ደራኺ ንኽልቲአን ኣእማን ክውንነን ይኽእል።

እቶም ኣኣማን እንተድኣ ንተጻወቲ ተዓዲሎም ኮይኖም፣ እቲ ቀጻላይ ተወዳዳራይ (ተጻዋትይ) 4 ኣእማን ይዝርሕ እሞ፣ ነቲ ጸወታ ከም ደራኺ ኮይኑ ይጅምሮ። እቶም ካልኦት ግና ከም ደለይቲ መጠን ተጠንቂቖም ከስተውዕሉ ኣለዎም።

## መወዳእታ ጸወታ

ነፍሲ-ወከፍ ተጻዋታይ፣ ክልተ ግዜ ከም ደራኺ ኮይኑ እንተድኣ ተጻዊቱ፣ እቲ ጸወታ ይውዳእ። ኣብዚ ከኣ እቲ ብዙሕ ኣእማን ዝኣከበ ተጻዋታይ (ተውዳዳራይ) ዕዉት ኮይኑ ይርከብ።

# ፖከር-ብቁጽሪ



ብላፍ-ጸወታ 2 ክሳብ 4 ካብ 9 ዓመት ንላዕሊ ዝዕድሚኦም ሰባት ዝጻወትዎ ጸወታ

ዋጋ 1 ዋጋ 2 ዋጋ 3 ዋጋ 4

## ዓላም ጸወታ

ዓላማ'ዚ ጸወታ'ዚ ብውሕሉል ኣገባብ ብላፍ ገርካ ተጻዊትካ ብዝከኣል መጠን ብዙሓት ኣእማን ምእካብ እዩ። (እቲ ዓላማ'ዚ ጸወታ'ዚ ብሓጺሩ ብዙሕ ነጥቢ ወይ ቍጽሪ ዘዋህለለ ተወዳዳራይ ይስዕር ማለትዩ)

## ምድላው ጸወታ

ነፍሲ-ወከፍ ተጻዋታይ (ተዋዳዳራይ) 8 ሓደ ዓይነት ዝሕብሮም ኣእማን ይዕደል። (2ግዜ: 1: 2: 3ን 4ን ዋጋታት ኣለዎ)

## ኣገባብ ጸወታ



እቶም ተወዳደቲ ካብቶም ኣብ ትሕቲ ጣውላ ሓቢኦሞ ዘለው 8 ኣእማን፣ ሓደ ውሲዶም ኣብ ኢዶም ይዓምኩዎ (ይሓባኡዎ)። ኩሎም ምስመረጹ ድማ እተን ኣእዳው እብ ልዕሊ ጣውላ ይኽፈታ። እቲ ዝልዓለ ዋጋ ከምዝረኸበ ዘርኣየ ተወዳዳራይ ከኣ፣ ንሓንቲ ኣምኒ ኣትሪፉ ክሕዛ ይፍቀደሉ። እቲ ዝምልከቶ ተጻዋታይ ከኣ ኣብ ጥቐኡ የቐምጦ። እቶም ካልኦት ተወዳደርቲ ግና ይስዓሩ። ኣብቲ ወሰን መጻወቲ ዙርያ ከኣ ይቐመጡ። እዚ ድማ ኣብቶም ተዋዳደርቲ ትርጉም ኣይህልዎን። (ኣብነት እ)፣ እቲ ዝልዓለ

ዋጋ ስዕረት ካብ 2 ወይ 3 ተዋዳደርቲ እንተድኣ ተራእዩ፣ ካብኡ እቲ ዋጋታት ይኽፈት እሞ፣ እቶም ተወዳደርቲ ከኣ ይስዓሩ። ኣብ ሓደ ዙርያ ጸወታ፣ ኩሎም ተወዳደርት ኩሉ ኣእማኖም ክስእኑ ይኽእሉ እዮም። (ኣብነት ሰ)





ኣብነት በ፣ እቶም 4 ዋጋታት ዘርኣዩ ክልተ ተዋዳደርቲ፣ ትዓገቶሞ ስለዘለው፣ ኣብቲ ዙርያ ድማ ይስዓሩ። እቲ 3-ኣእማን ዘርኣአየ ተወዳዳሪ ከኣ ነቲ ዝርያ ጸወታ ይስዕር።

ኣብነት ሰ፣ ኣብ'ዚ ዙርያ ጸወታ'ዚ ዝስዕር ተወዳዳራይ የልቦን።

## ጥራሕ-ኢድካ

ሓደ ግዜ ኣብ ሓደ ዙርያ ጸወታ፣ ነፍሲ ወከፍ ተዋዳዳራይ፣ ጥርሑኢድ ከራኢ ይፍቀደሉ።

እቲ ጥርሑ ኢዱ ዘርኣየ ካብቲ ሓደ ጥርሑ ኢዱ ዘርኣየ ክሰርቑ ይፍቀደሉ እዩ። ከምዝስዓረ ድማ ከፍልጥ ኣለዎ። እቲ ተወዳዳራይ ነየናይ ዝተራእየ ኣምኒ ከምዘኢዕል ነጻ ምርጫኡ እዩ። እተም ተሪፎም ዘለው ኣእማን ከኣ ነቲ ካልኣይ ደረኛ ስዓራይ ዘሎ ተዋዳዳራይ ነቲ ዙርያ ይቆጻጸሮ (ይውንኖ)፣ ስለዚ ዝተፋላለዩ ምርጫታት ኣለው ማለትዩ።



ኣብነት ደ፣ እቲ ጥርሑ ዘሎ ኢድ ነቲ 4ይ እምኒ ይሰርቆ። እቲ 3 ኣእማን ዘርኣየ ተዋዳዳራይ ከኣ፣ ነቶም ኣእማኑ ከም 2ይ ደረጃ ዝወጸ ስዓራይ መጠን ክሕዞም ይፍቀደሉ እዩ። እቲ ሓደ እምኒ ግና ይስዓር።

ኣብነት ኤ፣ እቲ ጥርሑ ዘሎ ኢድ ን2ይ እምኒ ይሰርቆ። እቶም 3-እምኒ ዘርኣዩ ክልተ ተዋዳደርቲ ከኣ ነንሓድሕዶም ይተዓጻጸዉ ስለዘለው ይስዓሩ። ኣብዚ ኣምብኣር እቲ ጥርሑ-ኢድ ዘለዎ ተዋዳዳራይ ጥራይ ይስዕር ማለትዩ ።



ኣብ 3ይ-ጸወታ፣ ኩሉ ግዜ እቶም ተዓወቲ ዙርያ ጸወታ ክልተ ጥራይ እዮም፣ መኽንያቱ ከኣ ካብተን ክልተ ጥርሐን ዝተራእያ ኣእዳው፣ እታ ሓንቲ እምኒ ዝሰረቐት ኢድ ወይ እታ ዝተረፈት እምኒ ተዋዳዳሪ ስለዘይብላ። ኣብቲ 2ይ-ጸወታ፣ እታ ጥርሓ ዘላ ኢድ ጥራይ እያ ትዕወት። ክልተ ወይ ካብ ክልተ ንላዕሊ ጥርሐን-ኣእዳው ኣንተድኣ ብሓንሳብ (ብሓባር) ተራእየን ግና፣ ነንሓድሕደን ስለ ዝተዓጻጸዋ፣ እቲ ጸወታ ዋጋ ዘይብሉ ይተርፍ።

## መወዳእታ ጸወታ

ኩሎም ኣእማን  ተጻዊቶም ምስተወድኡ፣ እቲ ዙርያ ጸወታ ይውዳእ። እቲ ብዙሕ ኣእማን ዝኣከበ ተዋዳዳራይ ይዕወት። ክልተ ወይ ካብ ክልተ ንላዕሊ ተጻወቲ ማዕረ ብዝሒ ዘለዎም ኣእማን ኣንተድኣ እኪቦም፣ እቲ ዋጋታት ነፍሲ-ወከፍ እምኒ ክድመር ኣለዎ። ካብኡ እቲ ዝበዝሐ ድምር ነጥቢ ዝረኸበ ተዋዳዳራይ ይስዕር ወይ ይዕወት። ክብዞም ተዋዳደርቲ ዙርያ ጸወታ፣ ሓደ ዓይነት ብዝሒ ኣእማን ኣንተድኣ ኣኪቡ ግና፣ እቲ ጸወታ ስዓራይ ዘይብሉ፣ ማዕረ-ማዕረ ኮይኑ ጥራይ ይውዳእ።

# እረኛ

ጸወታ ትዕግስቲ ካብ 8 ዓመት ዝዕድሜኦም



## ጸውታ

ዓላማ‘ዚ ጸወታ‘ዚ፣ ክሳብቲ ንሓደ ካብቲ ደምበ ጸወታ ተልግሶ፣ ብውሕሉል ንኹሎም ኣእማን እንዳነጠርካ ምጽዋት እዩ፡፡

## ምድላው ጸወታ

ክሳብቲ  ምልክታት ዘይርአ፣ እቶም ኩሎም ኣእማን ክግልበጡ ኣለዎም፣ እቲ ጸወታ ድማ ድማ በቶም ምልክት ዘይብሎም ኣእማን ይኸውን፡፡
እተን 16 ጽዓዱ ኣእማን ድማ ፍልልይ ርሕቀተን 4 በ4 ዝስፍሓቱ ቦታ ይኸውን፡፡
ነብሲ-ወከፍ ሪጋ ጸለምቲ ኣእማን ከኣ፣ ኣብቲ 4 ጐድንታት ናይቶም 4 መኣዝናት ጽዓዱ ኣእማን ይስራዕ
በዚ ኣገባብዚ፣ ሓደ ርቡዕ-ኩርናዕ (4 ኩርናዕ) ዘለዎ መጻወቲ ቦታ ይፍጠር፣ ኣብዚ እምብኣር እቲ ርቡዕ ኩርናዕ ቦታ ነጻ ይኸውን ማለትዩ፡፡
እቲ ዝተፋላለየ ሕብርታት እቶም ኣእማን ድማ፣ ነቲ ጸወታ ምንም ትርጉም ወይ ጽልዋ ኣይገብረሉን እዩም፡፡



ኣገባብ ጸወታ

# ኣጸዋውታ ዓይነት

ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ጸወታ፣ እቲ ተጻዋታይ ሓንቲ እምኒ ሒዙ፣ ካብታ ትቖጽል እምኒ፣ ኣብቲ ቀጺሉ ዘሎ ነጻ ቦታ ክነጥር ኣለዎ።
እታ ዝነጠርካያ ወይ ዝዘለልካያ እምኒ፣ ካብቲ ሰፈራ ከትልዓል ኣሎዋ።
ምንጣር ወይ ምዝላል ብጋድም ሕንጻጽን ትኹል ሕንጻጽን ኣገባብ ጥራይ እዩ ዝፍቀድ እቶም ንኻልኦት ኣእማን ክነጥሩ ወይ ክዘሉ ዘይከኣሉ ኣእማን፣ ኣብ ሰፈሮም ይጸንሑ።




ተኻታተሊ 3-ዝላታት

# መወዳእታ ጸወታ

ሓደ ተጻዋታይ ሓደ ኣምኒ ጥራይ ክሳብ ዝተርፎ፣ ንኹሎም ኣእማን በብሓደ ካብቲ ሜዳ ጸወታ ክእክቦም ወይ ከልግሶም እንተድኣ ክኢሉ፣ ነቲ ጸወታ ስዒሩዎ ማለትዩ።
ክልተ ወይ ካብ ክልተ ንላዕሊ ኣእማን እንተድኣ ተሪፈን ግና፣ እንደገና ከምብሓድሽ ክፍትን ኣለዎ።